## ኣብ መጽናዕቲ ንዝሳተፉ ሓበሬታ

ሃገራዊ ማእከል ማሕበራዊ ምርምር (NatCen)፡ ንቕሓት ሰባትን፡ ኣረኣእያኦም ድማ ኣብ ለውጢ ስርዓት ኢሚግሬሽን ዓባይ ብሪጣንያ ንምርዳእ መጽናዕቲ የካይድ ኣሎ።

ነዚኦም ዝስዕቡ ሰባት ነዘራርብ ኣለና:

- **ኣብ ጥሪ 2023 ወይ ድሕሪኡ** ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዑቕባ ዝሓተትካ እንተኾይንካ ከምኡ ውን/ወይ
- **ኣብ ጥሪ 2023 ወይ ድሕሪኡ ብሰንኪ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባት ግዳይ ኮይንካ ከይትኸውን ንምርግጋጽ ናብ ሃገራዊ ስርዓተ መወከሲ (National Referral Mechanism)** ተሰጋጊርካ ዝነበርካ እንተኾይንካ

እዚ መጽናእቲ ደገፍ ሰልዲ ዝግበረሉ ካብ **ሆም ኦፊስ እዩ**፣ ግና NatCen **ብውልቁ ዝማሓደር** ትካል እዩ። እዚ ማለት ናይ ሆም ኦፊስ ወይ ናይ መንግስቲ ኣባል ኣይኮነን፣ ስለዚ **ሰባት ኣብ ዩኬ ምጽናሕ ብዛዕባ ምኽኣሎምን ዘይምኽኣሎም ኣይንውስንን።**

## እንታይ ክገብር ይግብኣኒ?

ኣብዚ ስራሕ ንክትሳተፉ፣ ናይ መጽናእቲ ቃለ መሕትት ምግባር የጠቓልል።

- እቲ ቃለ መሕትት ምስ **NatCen ተመራማሪ** እዩ ክኸውን፣ ክሳብ 60-90 ደቃይቕ’ ውን ክወስድ እዩ።
- ነዚ ቃለ መሕትት **ካብ እንግሊዘኛ ወጻኢ ብካልእ ቋንቋ** ክትገብሩዎ ትኽእሉ። ኣተርጓማይ ክንገብር ንኽእል ኢና።
- እንድህሪ ትደልዩ ኼንኩም ዝሕግዘኩም ሰብ ክተምጽኡ ትኽእሉ።
- ነቲ ቃለ መሕትት ንኣኹም ብዝጥዕመኩም ሰዓት **ብስልኪ፣ ብቪዲዮ ወይ ብኣካል** ክትገብሩዎ ክትመርጹ ትኽእሉ።
- በዚ ሐሳብ **እንተደኣ ተሰማሚእኹም ኣብቲ ቃለ መሕትት** ነቲ ትነግሩና ዝኾነ ነገር ንከይንርስኦ ምእንታን **ክንቀድሆ ኢና።**
- ግዜኹም ስለ ዝሃብኩምና ንክነመስግነኩም ምእንታን **£40 ቫውቸር (መዐደጊ)** ክንህበኩም ኢና።
- ስለ ተሞክሮኹም ዚያዳ ንክንፈልጥ ምእንታን ብተወሳኺ ኣብ ካልእ መጽናእቲ ንክትካፈሉ ክንሓተኩም ንኽእል።

## ብዛዕባ እንታይ ኢኹም ትሓቱኒ?

ቃለ-መሕትት ቅድሚ ምጅማሩ፣ እቲ ሕቶታት ንኣኹም ግቡእ ብዛዕባ ምኺኑ ንምርግጋጽ ብዛዕባኹም ሓደሓደ ሕቶታት ክንሓተኩም ኢና፣ መዓስ ከም ዝመጻእኹምን ብዛዕባ ኢሚግሬሽን መመልከቲኹም።

ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ብዛዕባ፡ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክንሓተካ ንኽእል ኢና፤

- ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ስርዓተ ዑቕባ ዘለካ ርድኢት
- ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ምስ ስርዓት ዑቕባ ናይ ዘሎኩም ተመኩሮታት
- ኣብ ቀረባ እዋን ወይ ኣብ ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ዑቕባ ዝግበር ለውጥታት ብዛዕባ ዘለኩም ኣረኣእያ
- እዞም ለውጥታት ንዓኻ ወይ ንኻልኦት ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለዉ ሰባት ብኸመይ ክጸልዉኻ ከም ዝኽእሉ

ኣብ ሃገርኩም እንታይ ከም ዘጋጠመኩም ሕቶ ኣይንሓተኩምን ኢና።

ናይ መጽናእቲ ቃለ መሕትት ናይ ኢሚግሬሽን ቃለ መሕትት ኣይኮነን – ምስ ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ዝተተሓሃዘ ኣይኮነን። **ሰባት ኣብ ዩኬ ክጸንሑ ዝኽእሉ ብዛዕባ ምኺኖም ኣይንውስንን ወይ ኣብዚ ቃለ መሕትት ነቲ ዝሓብኩሞ ሓበሬታ ነዚ ውሳኔ ምስቶም ዝገብሩ ሰባት ኣይንካፈሎን**።

ንዘይትደልዩዎ ዝኾነ ሕቶ መልሲ ዘይምሃብ መሰል ኣለኩም።

## ናይ ግድን ንክሳተፍ ይግብኣኒ?

ኣብዚ መጽናእቲ **ንክትሳተፉ እንተደኣ ዘደለኹም** መሰልኩም እዩ። እንተደኣ ተሳቲፍኩም ወይ ዘይተሳተፍኩም **ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይኹም** ወይ ህጂ ኮነ ንመጻኢ ኣብዚ ኣብ ናይ ምንባር መሰልኩም ዘምጽኦ ዝኾነ ጽልዋ የለን።

ንዘይትደልዩዎ **ዝኾነ ሕቶ መልሲ ዘይምሃብ መሰል ኣለኩም** ከምኡ' ውን ዝኾነ ምኽንያት ከይሃብኩም ብድህሪ ቃለ መሕትት ክሳብ 6 ሰሙን ኣብ ዘሎ እዋን **ነቲ ጸብጻብ ሓበሬታኹም ካብቲ መዝገብ መጽናእቲ ንክድምሰስ ክትሓቱ ትኽእሉ**።

## ነቲ ዝሕበኩም ሓበሬታ እንታይ ትገብሩዎ?

እቲ ትህቡዎ ሓበሬታ ብምሉእ፣ በቲ ጸብሓብ ሓበሬታ ኣተሓህዛ ሕጋዊ መስርሕ መሰረት ብሕታውን ስቱር ብዝኾነ መገዲ ነቀምጦ፣ ከምኡ' ውን እቲ ፕሮጀክት ምስተወደ0 ክድምሰስ እዩ። ንስኹም ወይ ካልኦት ከማኹም ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለዉ ሰባት ብዛዕባ ዘጋጠመኩም ዋና ዋና ጉዳያት ንሆም ኦፊስ ጸብጻብ ክንጽህፍ ኢና። ንሆም ኦፊስ ኮነ ንዝኾኑ ካልኦት ትካላት ኣብቲ መጽናዕቲ መን ከም ዝተሳተፈ ወይ እንታይ ከም ዝበልኩም **ኣይንሕብርን ኢና**። ኣብቲ ትሕዝቶ **ጸብጻብ ናይ ዝኾነ ሰብ፣ ሽም፣ ናይቲ ጉዳይ ቁጽሪ ወይ ዝርዝር ብዛዕባ ጉዳይ ኣይነጠቓልልን**።

ጸብጻብ ሓበሬታኹም ብኸመይ ከም ንጥቀመሉን ብኸመይ ከም ነቐምጦ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ተወከሱ natcen.ac.uk/migrantexperiences/privacynotice

ብዛዕባ ጉዳየይ ደገፍ ካበይ ክረክብ ይኽእል?

እዚኦም ዝስዕቡ ትካላት ብዛዕባ ናይ ኢሚግሬሽን ኣሰራርሓ ደገፍ ወይ ሓበሬታ ክህቡኹም ይኽእሉ።

**Migrant Help**

**መርበብ ሓበሬታ:** www.migranthelpuk.org
**ናይ ሓገዝ መስመር** (ናይ ናጻ ስልኪ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት): 0808 8010 503
**ኢሜል:** ንማይግራንት ሄልፕ በዚ ዝስዕብ መገዲ ተራኸቡዎም webchat ወይ online enquiry form.

## Refugee Council

**መርበብ ሓበሬታ:** www.refugeecouncil.org.uk
**ናይ ሓገዝ መስመር** (9:30 ንግሆ-12:30 ድህሪ ቀትሪ ሰኑይ – ሓሙስ): 0808 196 7272
**ኢሜል:** refugeeadvice@refugeecouncil.org.uk

## Samaritans

**መርበብ ሓበሬታ:** www.samaritans.org
**ናይ ሓገዝ መስመር** (ናይ ናጻ ስልኪ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት)**:** 116 123

**ኢሜል:** jo@samaritans.org

# ምሳና ብዛዕባ ምርኻብ

**ዝኾነ ሕቶ እንተደኣ ኣለኩም ወይ ቆጸራ ናይ ቃለ መሕትት ክትቅይሩዎ እንተደኣ ደሊኹም** ብኽብረትኩም ኣፍልጡና።

- migrantresearch@natcen.ac.uk
- 0808 168 2791
- www.natcen.ac.uk/migrantexperiences

ኣብዚ መጽናዕቲ'ዚ ውሱናት በታታት ጥራይ እዮም ዘልዉ። እዚ ማለት **ንኹሉ ክሳተፍ ከም ዝደሊ ዝነግረና ሰብ ቃለ መሕትት ዘይክንገብረሉ ንኽእልን ኢና ማለት'ዩ።**